# ኤርትራውያን ነባሮ ማንሃይምን ከባቢኡን

# ብመዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፣

# € 715,10 ኦይሮ ንማዕከን ሰማእታት ኣወፍዮም ፣

# ብቐጻሊ 6 ሽዱሽተ ስድራ ቤት ስዉኣት ንምንባይ ወሲኖም

ረቡዕ ዕለት 19.06.13 ኩልና ኤርትራውያን ተቐማጦ ማንሃይምን ከባቢኡን ነቶም ጸላም መግዛእቲ ቀንጢጦም ብርሃን ናጽነት ዘርኣዩና ሰማእታት ንምዝካር ኣብ'ታ ንዝኽሮም ዝተተኽለት ገረብ ንምብጻሕ ልክዕ ሰዓት 16፡00 ብምትእኽኻብ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ተቐማጢ ማንሃይምን ከባቢኡን፡ ነቶም ኤርትራዊ መንነት ነበረ ንከይበሃል ውልቃዊ ማለት ሰባዊ ባህግታቶምን ድሌቶምን ሰዊኦም ጥራይ ዘይኮኑ፡ እንተላይ እታ ዘይትትካእ ሂወቶም ንዝሓሸ ሂወት ሕብረተ ሰቦም ስለዝወፈዩ"ሳላኹም ሂወት ሶኹዕና፡ ክብርን መጎስን ንዓኹም" ብዘስምዕ ብዓይኒ ሕልና ናብ'ታ ገረብ'ዩ ነይሩ ኣተኩርኡ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ከኣ'ዩ ኣቦ መንበር ማሕበረ ሰብ ማንሃይምን ከባቢኡን ኣቶ ሰመረ ገብረዮሃንስ፡ ብምኽንያት 20 ሰነ መዓልቲ ሰማኣታትና ብክቡር ኣምባሳደር ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይ ዝተላእከ ጽሑፍ ከንብብ ምኳኑ ዝሓበረ።

ኣቶ ጴጥሮስ ኣብ ጽሕፉ "20 ሰነ መዓልቲ ሓዘን ወይ ዝን እንብለላን እንትክዘላን መዓልቲ ኣይኮነትን፡ ኣንታይደኣ ነቶም ምእንቲ ህዝቦምን ሃገሮምን በጃ ዝሓለፉ ጀጋኑ ብሓባር ኰንና እንዝክረላን እቲ ዝተሰውእሉ ዕላማ ከንቱ ኰይኑ ከይተርፍ ክንቅጽሎ ምኳንና መብጽዓ እነሐድሰላን መዓልቲ'ያ" ይብል።

ብድሕሪ'ዚ እቲ ሽምዓ ናይ ምውላዕ መደብ ኣብቲ መአከቢ ቦታ C2 ተኻይዱ። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ከኣ ሓሓንቲ ሽምዓ ብምውላዕ ኣብታ ተሳኢላ ዝቐረበት ካርታ ኤርትራ ኣንቢሩ። ቀጺሉ ነቲ ምሸት'ቲ ተዳልዩ ዝነበረ ጽሑፍ ከምኡ'ውን ግጥምታት ብመምህር ሓድገምበስ፡ ኣቶ ወልዳይ ተኽስተን ኣቶ ተኽሊት ጸሃየን ቀሪቡ። ኣብዚ ምሸት'ዚ ንማዕከን ስድራ ስዉኣት ዝለኣኽ €715,10 ከእቱ ከሎ፡ እቲ ምንባይ ስድራ ቤት ስዉኣት ከም ቀደሙ ብምቕጻል፡ ሽዱሽተ(6) ስድራ ቤት ስዉኣት ንምንባይ'ውን ክወሰኹ ምኳኖም ተሓቢሩ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ

ማ. ሰብ ማንሃይምን ከባቢኡን